Fari' Ekba Murq"a Bilinuk'h
Eritrea/Hodde
ዲሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን
ኤርትራ/ሆደ

ፋሪዕ እከባ ሙርቓ ብሊኑኹ
ኤርትራ /ሆደ
التنظيم الديمقراطي لقومية
البليناالأرترية (هودي)

Democratic Organization Blin Nation of Eritrea/Hodde

# ዮሃና!!! ንሓይልታት ምክልኻል ህዝቢ ትግራይ

ኽቡር ህዝቢ ትግራይ፣

ወረርቲ ሓይልታት ብልጽግናን ፍሽስታዊ ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ዓንገልቶምን፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ሽርሕታታ ክፈትሉ ድሕሪ ምጽናሕ ሎምስ ዓቕምን ደገፍን ኣሎና ኢልም ተኣማሚኖም "ሕጊ ምኽባር" ብዝብል ጉልባብ፣ ናይ ኣሜሪካ ምርጫ ከም መኸወሊ ተጠቂሞምም፣ ኣብ ዉሽጢ ሓጺር ግዜ ክድምሱስኻን ከንበርክኹኻን ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ጭካኔ ብሰማይን ብመሬትን ወሪሮምኻ። ብሰዓታት ክፍጽምዎ ሙ኿ኖም ቓል ኣትዮም። ነዚ ቐታሊ ከቢድ ኲናት ተጻዊርካ ድሕሪ ሾምተ ወርሒ ሓይልታትካ ወዲብካ ብወፍሪ ኣሉላ ኣባ ነጋ ዝሰሜ በርቓዊ ደምሳሲ ስርሒት ፈኒኻ እነሆ ድሙቕ ዓወታት ትሓፍስ ኣሎኻ። ነዚ ዓውታትካ ብዕላማን ብሕዉነትን ንርኦ ስለ ዝኾና ንሓይልታት ምክልኻልካ ዮሃና!! ከምኡ'ውን ንሙልእ ህዝቢ ትግራይን ንኹሉ ሰላም ዝምኔ ሕብርተሰብን ዮሃና ንብል።

እቲ ኲናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ፣ ንስልጣኖም ንምንዋሕ፣ ነዚ ጭዋን መትከላዉን ህዝቢ ከይንበርከኻካ ኣይብጻሕን'ዩ ዝብል ዘይሰብኣዊ ኣምር ሒዞም ስለ ዝተበገሱ ኣብ ልዕሌኻ ዝፍሰስዎ ቦባን ጥይትን ከይኣኽሎም ንናይ ሲቪልያን ንብረትን ሂወትን ዕላማ ዝገበረ ንጥሜትን ንምድፋር ደቂ ኣንስትዮን ከም መሳርሒ ኲናት ዝተጠቅመ ኲናት ከም ዝነበረ ዓለም ዝመስከሮ'ዩ። እዚ ድማ ይቅሬ ዘይብሃል ናይ ኲናት ገበን'ዩ። ከምኡ'ውን ነቲ ሃብቲ ዓለምን ቐርኒ ኣፍሪቓን ዝኾነ ታርኻዊ ቦታትን ቅርስታትን፣ ምዕናዎም ንህዝቢ ትግራይ ጥራይ ዝብጻሕ ጉዳይ ኣይኮነን። ዓቕብቲ ክቡር ታሪኽን፣ ብኡ ዝኮርዕ ኣፍሪቓን ዓለምን ኣብ ጎንኻ ደዉ ክብል ናይ ግድን'ዩ።

ስርዓት ፍሽስትቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ሃገርና ካብ ዝትከል ሓንቲ ምዕባሌ እኳ ዘይምጽኤ ዶብ ሰጊሩ ምስ ሓልታት ብልጽግና ኮይኑ ኣብያተ-ሕክምናን፣ ኣብያተ-ትምህርትን፣ ናኣሽቱን ዓበይትን እንዳስትሪታት ትግራይ ክነቕልን ክድምስስን ከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ኣጉህይዎ። ክቡር ህዝቢ ትግራይ ንደቕኻ ደፊሮም ንሰላማዊ ህዝቢ ንስደት ደፊኦም ነቲ ብረሃጽካ ዘፍረኻዮ ትካላትካ ኣዕኒዮምን ዘሪፎምን ኣላሽ ከብሉኻ ፈቲኖም ንስኻ ግን መኪትካ መንነትካ ስለ ዘርኤኻዮም ብኣኻ ኮሪዕናን ተማሂርናን።

ክቡር ህዝቢ ትግራይ ምስጢር ዓወትካ ዘይርድኦም በዚ በርቓዊ ስርሒትካ ዝተዳህሉ ነዚ ከም ጸሓይ ድሙቕ ዓወታትካ ከናእሱ "እዚ ክኸዉን ኣይክእልን'ዩ ገለ መንግስቲ ሓጊዝዎም ደኣ ከይከዉን" ጸኒሖም ድማ "ባዕልና ስሕብና" ዝገደደ ድማ ነቶም ጀጋኑ ዝብልዎም ዝነበሩ ጀነራላቶም ከይተረፈ ብገንዘብ ተገዚኦም ክብልዎም ንሰሚዕ ኣሎና። ህዝቢ ኲናት ኣየድልዮን'ዩ። ሰላምን ልምዓትን ፍትሕን'ዩ ዝደሊ። ህዝቢ ትግራይ'ውን መጺኦሞ እንበር ኣይከዶምን። ጭቑን ህዝቢ ትግራይ ንመሰልን ንህላዉኤን ተቓሊሱ። ብንሕን ብተወፋይነትን ድማ ንድሮናትን ንሚጋትን ብእምኒ ገጢሙ። ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ብዘይ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ሰሚሩ ንሓደ ዕላማ ተሰሊፉ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ድማ ዘንጸባርቁ ጅግንነታዊ ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን ዓወታት ክሓፍስ ኪኢሉ።

ትምክሕተኛታት ካብ ናይ ቅድም ህዝባዊ ኲናት ኣይተመሃሩን ሕጂ'ውን ክመሃሩ ኣይኮኑን። ኣብ ብረትን ብዝሒ ሰራዊትን ስለ ዝኣምኑ ክሳብ ኣብ መቓብር ዝኣትዉ ኣመሎም ኣይሓድጉን'ዮም። ገና ብሕጂ ዳግመ ውደባ ገሮም ንኽምለሱ ኣብ ምሽማት ግዜ ከም ዘለዉ ባዕሎም ይዛረቡ ኣለዉ። እታ ምርፍእ ኣብ ኢድካ ኣላ። ብፍላይ ፍሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ንሰላም ህዝቢ ኤርትራ ዝቐተለ ንሰላምኩም ዝበረዘ ደቂሱ ኣይክሓድርን'ዩ። ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ሰውራዊ ደገፍኩም ክጠናኸርን ናይ ሓባር ዕማምና ገርኩም ክትርይዎን ንላቦ።

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፣

ንስኻስ ካብ መዓስ ንጸላእቲ ተንበርኪኽካ ትፈልጥ፣ "ብናተይ" ዝበልካዮ ስለ ዝተጠለምካ ግር ኢልካ ጸኒሑ ሕጂ ግን ንኣኻን ንዉላድካን ንንብረትካን ወኒኑ ኣብ ሓሳራ መከራ ዝነብረካ ንዘሎ ስርዓት ይኣክል ኢልካ ንፍልልያትካ ኣጽቢብካ ንኹሉ መሰሉ ዘፍቕድ ቅኑዕ ዓላማ ሒዝካ ንዓወት መርሽ። ካብ ሓውኻ ህዝቢ ትግራይ ይኹን ካብ ካልኦት ጎረባብትኻ ክፈልየካ ዘይፍንቕሎ እምኒ የልቦን። ሕጅስ ይኣኽለካ በሎም። እዚ ስርዓት ክሳብ ዘሎ ደቂስካ ኣይክትሓድርን'ኻ። ቆለኡ ኲናት'ዩ ዝፈቱ። ብኲናት ድማ ክኸይድ ኣለዎ።

ዮሃና ንምክልኻል ሓይልታትን ንህዝቢ ትግራይን!!

ዮሃና ንኩሉ ደላይ ፍትሒ ህዝቢ ዓለምን!!

ዲሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ፣ 2021-07-03 ኣድራሻና፣ bilineritrea@gmail.com Blina.org